# ከም ዘፍቕሮም ንገሮም

## እታ ኣምላኽ ንኣኻ ዘላቶ ፍቕሪ ተቐበላ



JOYCE MEYER

#1 ኣብ New York Times ካብቶም ብሉጻት ጸሓፍቲ

Unless otherwise indicated, all Scripture quotations are taken from THE AMPLIFIED BIBLE: Old Testament.
Copyright © 1962, 1964 by Zondervan Publishing House (used by permission); THE KING JAMES VERSION; and from THE AMPLIFIED NEW TESTAMENT
Copyright © 1958 by the Lockman Foundation (used by permission).

Copyright © 2014 by Joyce Meyer Ministries – South Africa

All rights reserved. No part of this publication may be reproduced, distributed, or transmitted in any form or by any means, or stored in a database or retrieval system, without the prior written permission of Joyce Meyer Ministries – South Africa.

Joyce Meyer Ministries – South Africa
PO Box 5, Cape Town, 8000

Phone: +27 (0) 21 701 1056
Website: www.joycemeyer.org

Go to tv.joycemeyer.org to watch Joyce's messages in a variety of languages

Tell Them I Love Them – Tigrinya
Not For Resale

# ትሕዝቶታት


| | |
|---|---|
| መእተዊ | 4 |
| 1. ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ | 5 |
| 2. ብቑዕ ድየ? | 10 |
| 3. ፍቕሪ ዝምድና እያ | 16 |
| 4. ፍቕሪ, እምንቶን እምነትን | 21 |
| 5. ካብ ፍርሒ ሓራ ምዃን | 26 |
| 6. ፍቕሪ ትበጽሕ እያ | 30 |
| 7. ፍቕሪ ኣምላኽ ክቕይረካ እዩ | 34 |
| ጸሎተ ምድሓን | 37 |
| ብዛዕባ ደራሲት | 38 |

# መእተዊ

ንደቂሰባት ምግላጽ ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ምንም ነገር ንላዕሊ ከም ዘድልዮም እየ ዝኣምን። እዚ ርድኢት`ዚ እዩ እምበኣር ምስኡ ጥቡቕን ግላውን ዝምድና ንኽህልወና ሰረት ዝኾነና። ብዛዕባ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝምልከት፣ “ኣእምሮኣዊ ፍልጠት” ዘይኮነ፣ ኣብ ልባትና ግልጸተ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ዘድልየና። እዚ ድማ፡ መንፈስ ቅዱስ ጥራሕ እዩ ክህበና ዝኽእል። ብዛዕባ ፍቕሪ ኣምላኽ ከነስተንትን እንከለና፣ ኣብ ህይወትና ፍቕሪ ኣምላኽ ከነለሊ እንከለና፣ ነዚ ምግላጽ`ዚ ብመገዲ ጽሑፍ ቃል ኣምላኽን ጸሎትን ገይርና ክንደልዮ እንከለናን መንፈስ ቅዱስ የኽእለና።

ኣምላኽ ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ሓጢኣት ኩሉ ንኽመዉት ልኢኽዎ ኢልካ ምቕባል ብመጠኑ ቀሊል እዩ። ኩይኑ ግና፡ ንስኻ በይንኻ ኣብዛ ምድሪ ትቕመጥ ነይርካ እንተትኾውን፣ ኣምላኽ ከኣ ንዓኻ ንበይንኻ ኢሉ፣ ንወዱ ክሞተልካ ምሰደዶ ነይሩ ኢልካ ምእማን ዝያዳ ከብድ ዝበለ እዩ።

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ዝወሰደ ተስፋ-ኣልቦ ክርስትያናዊ ህይወተይ፣ ኣብ መወዳእታ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ተመኩርኩ። ኣምላኽ፡ ብመገዲ መንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ፣ ኣባይ ዘለዎ ፍቕሪ፡ ክሳዕ ኣዝዩ ግላዊ ደረጃ ብዝኾነ ኣገባብ ጸጊዉ ገለጸለይ። እምበኣረይከስ፡ እዛ መጽሓፍ ክትነባ እንከለኻ፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ብግልኻ ክግለጸልካ እዩ። ቀስ ኢልካ ክትነባ፣ ብዛዕባ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እትርከብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝያዳ መታን ከተጽንዕ ከም መምርሒ ክትጥቐመላ፣ አተባብዓካ ኣለኹ።

ኣምላኽ ኣዝና እዩ ዘፍቕረካ! ልክዕ ከምቲ ንዓይ ዝገበረለይ፣ ፍቕሩ ነንመዓልቱ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጽፍሒ ህይወትካ ክትፈልጣን ክትምኩራን ይደልየካ እዩ። ካብ ኣምላኽ ወጻኢ ኣነ ምንም ከም ዘይኮንኩን፣ ኣብ ቃሉ ዘሎኒ ርድኢትን ግልጸትን ብጸጋኡ ምዃኑ ብምእማን፣ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ብትሕትና ናባኻ አቕርባ ኣለኹ።

# 1

## ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ

ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።

– ዮሃ 3:16

ኣምላኽ ስድራ ክህልዎን ኣቦና ክኸውንን ይደሊ እዩ። ምስኡ ዝምድና ክህልወና፣ ኣወዳቱን ኣዋልዱን ክንከውን፣ነዚ ዕዙዝ ህይወት`ዚ ክንነብር እዩ ከኣ ክርስቶስ ርእሱ በጃ ዘሕለፈ።እዚ ማለት ኣብኡ ክንምርኰስ፡ ናብኡ ክንጽጋዕ፡ ከነፍቅሮን፣ ከፍቅረና ከነፍቅደሉን እዩ ዝደሊ። ክንኣምኖን፡ ዝኾነ ምስ እንደሊ ድማ ኣብኡ ክንምርኰስን እዩ ዝደሊ። ምስ ነፍሲ ወከፍና ውልቃዊ ዝምድና ክህልዎ እዩ ዝደሊ።

ዝበዛሕና ንዮሃንስ 3:16 ኣካቢድና ኢና ንርእያ "እወ! የሱስ ንዓለም ኢሉ ከም ዝሞተ እፈልጥ፣" ንብል። እንተኾነ ግና፡ እታ የሱስ ዝሞተላ "ዓለም" ማለት ሕውስውስ ዝበለት ሓፋሽ ዘለዋ ማለት ኣይኰነትን።ንነፍስወከፍና እዩ ሞይቱ። ንኣኻ ክብል እዩ ሞይቱ።

እቲ ሓቂ፡ ኣብ ገጽ ምድሪ ወላ ንስኻ ንብሕትኻ እንተትነብር፣ የሱስ ንዓኻ ጥራሕ ኢሉ ምሞተ። በቶም ንኣኻ ክብል እተሰቐዮም

ስቓያት ኣቢሉ ምሓለፈ። ኣምላኽ ብዘይመጠን እዩ ዘፍቐረካ።

ፍቕሩ ከኣ ዘለኣለማዊት እያ (ኤር 31፡3 ርአ) ሓደ መዓልቲ ማኪና እናዘወርኩ፣ ኣምላኽ ንልበይ፡ “ንስኺ መርዓት ዓይነይ ኢኺ” ኢሉ ተዛረበ።” ሽዑ ጸላኢ መጺኡ ከምዚ በለ፣ “እም! እዚ ደኣ ዕታር ትዕቢትዶ ኣይኰነን፡ ንገዛእ ርእስኽስ ከመይ ዲኺ ትሓስብያ፧” ከምኡ ምስ በለኒ፡ ከምኡ ክሓስብ ኣይነበረንን ኢለ ሓሰብኩ።

ንሕና ፍሉያት ኢና፡ ግሩማት ውህበታት፡ ተውህቦታትን ተኽእሎታትን ኣሎና ኢልና ምስትብሃል፡ ኣንጻር እቲ ተፈጥሮኣዊ ኣተሓሳስባና እዩ ዝኸይድ። እቲ ሓቂ ግና፣ ነፍሲ ወከፍና ብኣቦና ፍሉያት ፍጥረታት ኰይንና ኢና ተፈጢርና። ኣምላኽ ፍሉይነት ይፈቱ እዩ። ፍሉይ ዓይነት ክትኰውን ድማ እዩ ፈጢሩካ። እዚ ማለት ንገዛእ ርእስኻ ምስ ካልኦት ከተወዳድራን ከምኣቶም ክትኰውንን ኣይደልየካን እዩ።ልክዕ ከምታ ዝፈጠረካ፣ ንስኻ ንዕኡ ፍሉይ ዓይነት ኢኻ። ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንልበይ እተዛረበ ነገር እናሓሰብኩ እንከለኹ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ሓደ ዓብይ ዕዳጋ፣ ኣብ ጥቓ ኵምራ ቱፋሕ ደው ኢላ በ`እምሮይ ቀረጽኩ። ብድሕሪኡ፡ እታ ሰበይቲ ርእያ-ርእያ፣ ነታ ዝበለጸት ዝበለታ ዓትዒታ ሒዛ ኣልዓለታ። እምበኣረይከስ፣ ካብዛ መልእኽቲ፡ ኣነ ንዕኡ እታ ዝበለጸት ቱፋሕ ምኧነይ ተረዳእኩ። ኣነ እየ እታ ፍልይቲ ዓይነት። እዚ ሓሳብ ዝሰሓተዶ ይመስል፧ እንተኾነ ግዳ፡ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ብዓይኒ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ እዩ ዝርእየና። ካብ ካልኦት ሰባት ትበልጽ ኢኻ፣ ካልኦት ሰባት ከኣ ዘይብሉጻት እዮም ኣይኰነን ዝብል ዘሎ። ኩላትና ፍሉያት ዓይነታት ኢና እዩ ዝብል ዘሎ። ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ከምኡ ይብል እዩ። ቃሉ ከኣ ንኹላትና እዩ። ንስኻ መርዓት ዓይኒ ኣምላኽ ኢኻ።

ኣብቲ ሽዑ እዋን፣ ኣምላኽ ክነግረኒ ዝደለየ ነገር፣ ሓንሶፋይ ኢለ ክቐበሎ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ፡ ከምኡ ኢለ ብዛዕባ ገዛእ ርእሰይ ክሓስብ ጌጋ ኰይኑ ተሰምዓኒ። ድሕሪ ክልተ መዓልታት ግና፣ መጽሓፍ ቅዱሰይ ኣብ መዝሙር ዳዊት 17:8-9 ምስ ከፈትኩ፣ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ነበብኩ፣ ካብቶም ፖድኣተይ ዚደልዩ ረሲኣን፣ ካብቶም ዚኸቡኒ ጸላእተይሲ፣ ከም መርዓት ዓይኒ ጌርካ ዐቅበኒ፣

ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ሰውረኒ። “ዎው, ኣነ መርዓት ዓይኒ ኣምላኽ እየ። ኣምላኽ እዩ ከምኡ ኢሉኒ።” ብዛዕባኡ ኣብ ዘዝሓሰብክሉ፡ ፍልይቲ ከም ዝኾንኩ ክስመዓኒ ጀመረ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣዚኻ ክቡር ምዃንካን፣ ፍሉይነት ዘለካ፡ ዋጋ ዘለካ፡ ኣዚኻ ክቡርን ፍቑርን ከም ዝኾንካ ክስመዓካ ይደሊ እዩ።

ሰባት ክፍቐሩ፣ ናይ ልቦም ባህጊ እዩ። ኣምላኽ ከምኡ ገይሩ እዩ ፈጢሩና። ብዙሓት ሰባት፡ ኣምላኽ ንዓለም ከም ዘፍቐራ፣ ኣምላኽ ንየሱስ ከም ዘፍቐሮ ይኣምኑ እዮም። እንተኾነ ግና፡ ኣምላኽ ንዓኣቶም ንውልቓም ከም ዘፍቐሮም ንኽኣምኑ ጭንቂ ይኾኖም። እቲ ቃል ግና፡ ኣምላኽ ልክዕ ከምቲ ንየሱስ ዘፍቐሮ ከም ዘፍቐረና እዩ ዝምህረና። ዮሃንስ 3፡16 ነዚ እዩ ዘርእየና። ልክዕ ከምቲ ንየሱስ ዘፍቐሮ ድማ፣ ፍቕሩን በረኸቱን ኣብ ህይወትና ክኽዕ ይደሊ እዩ። ዮሃ 5:20 ከምዚ ይብል, “ኣቦ ንወዲ የፍቅሮ እዩ እሞ፡ ንሱ ዚገብሮ ዘበለ ኹሉ ድማ የርእዮ። ንስኻትኩም ምእንቲ ኽትግረሙ፡ ካብዚ ዝዓቢ ግብሪውን ከርእዮ እዩ።.”

ኣምላኽ ኣብዚኣ ከምዚ እዩ ዝብል ዘሎ፡ “እዞም ዓበይቲ ነገራት ብየሱስ ኣቢለ እየ ዝገብሮም ዘለኹ፣ አረ መታን ክትድነቑ፣ ካብዚኣቶም ዝዓብይ ብየሱስ ኣቢለ ክገብር እየ።” (እዚ ናተይ ሓሳብ`ዩ) ኣምላኽ ባህ ክብለናን ክንሕጐስን ኢሉ ዓበይቲ ነገራት ብምግባር ክገርመና ይደሊ እዩ።

እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ንነቦም ኢና። ኰይኑ ግና፡ ኣምላኽ ኣባና ጥራሕ ዘይኰነስ ብፍላይ ብኣና ኣቢሉ እንታይ ክገብር ከም ዝደሊ ንዝንግዖ ኢና። ነቶም ብየሱስ ኣቢሉ ዝገበሮም ዓበይቲ ነገራት ክንምልከቶም ይደልየና እዩ፣ ሻቡ ብኣና ኣቢሉ ካብኣቶም ዝዓቢ ነገር ብኣና ክገብር ከም ዝብህግ ክንኣምን ይደልይና እዩ።ኣብ ወንጌል ዮሃንስ፡ 14፡12 የሱስ ከምዚ ይብል፣ “ኣነ ናብ ኣቦይ እኸይድ አሎኹ እሞ፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ ዚዓብውን ከም ዚገብር፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።”

ኣምላኽ ንሰባት ስለ ዘፍቐሮም፣ ዕለታዊ ብዙሕ ነገራት እዩ

ዝገብረሎም። ንመረድኢ፡ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ እስከ ሕሰብ፣ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፣ ጸሓይ ክትበርቕ እንከላ፣ ንኣይን ንኣኻን ኢላ እያ እትበርቕ። ዕንባባታት፡ በብዓይነቶም ኲደኖም እዮም ዝዕንብቡ። እዚ ከኣ ንደስታና ተባሂሎም እዮም ተፈጢሮም። ኣምላኽ፡ እታ ንዓና ኢሉ ዝፈጠራ ዓለም ኣዝያ ምልክዕቲ ገይሩ እዩ ፈጢርዋ። ክንድሰተላ ድማ ይደሊ እዩ። ኣብ ዘፍጥረት 1፡ ኣምላኽ ንሰብ ስልጣን ከም ዝሃቦን ኣብ ምድሪ ዝርከብ ኲሉ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ንኣገልግሎት ኣምላኽን ሰብን ኢሉ ክጥቐመሉ ነገርዎ።

ዝናም ኣብ ወቕቱ ክዘንም እንከሎ፣ ንዓኻ ኢሉ እዩ ዝዘንም። ውርጪ ክወርድ እንከሎ እውን፣ ንዓኻ ኢሉ እዩ ዝወርድ። ስጕምታትካ ብእግዚኣብሄር እየን ዝእዘዛ፣ ንሱ ቀጻሊ እዩ ዝሕልወካ።

ዘዳግም 7፡9 ከምዚ ይብል፡ “እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ንዚፈትውዎን ትእዛዙ ንዚሕልዉን ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዚገብር፡ ኪዳን ዚሕሉ እሙን ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ፍለጥ።.”

ኣምላኽ እታ ንኣና ዘላቶ ፍቕሪ ዘለኣለማዊትን ዘይቅድመኩነታዊትን እያ። ብዙሓት ካባና፡ ብሰንኪ ውድቀታትናን ጌጋታትናን ሓይሉ ዘጸንቀቕናዮ ኰይኑ ይስመዓና ይኾውን፣ የግዳስ ከምኡ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። ዝገበርካ ግበር፣ ንኣምላኽ ንኣኻ ካብ ምፍቃር ከተቋርጾ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ፍቕሪ ኣምላኽ ዝገብሮ ነገር ዘይኰነስ፣ ንሱ ንባዕሉ ፍቕሪ እዩ። ምሒር ክፉእ ስለ ዝኾንኩ ኣምላኽ ከፍቕረኒ ኣይክእልን ኢልካ ትሓስብ እንተለኻ፡ ብዘይ-መጠን ተጋጊኻ ኣለኻ። እምብዛ ዓሚቝ ስለ ዝኾነስ፣ ጸገምዎ ከውጽኣካ ዘይክእለሉ ጕድጓድ የሎን። ንሕዳሰካ ዝበሎ ውጥን ኣለዎ። ሓጢኣትካ ክሓድገልካ፣ ብቕኑዕ ልቢ እንተሓቲትካዮ፣ ይሓድገልካ ጥራሕ ዘይኰነስ፣ ንሓጢኣትካ ደርስዮን ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዝርሕቕ ከኣ የርሕቖ። (መዝ 103፡10-12 ርአ)

ምናልባሽ፡ “ኣነ ደኣ ንየሱስ ተቐቢለዮን አፍቕሮን እንድየ፡” ትብል ትኸውን፣ ኣነ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ እሓተካ ኣለኹ፡ ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካኽ ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ትኣምን፧ እታ ዘለኣለማዊትን ዘይቅድመኩነታዊትን ፍቕሪ ዝብል መልእኽቲ፡ ኣዝዩ ቀሊል መልእኽቲ እዩ። ምስኡ ከኣ፣ ካልኦት ነገራት ህይወት መታን ክትርዳእ፣ እዚ መልእኽቲ እዚ፡ እቲ መሰረታዊ ነገር ኣምላኽ ንህወትካ ዘመርኩሳ እዩ።

እንታይ ተማሂርካን፣ ከመይ ዝበለ ዓሚቝ መጽናዕቲ ገይርካን ብዘየገድስ፣ ነገራት ኣምላኽ ድለ። ብናጻን ኣጸግዩ ከም ዘፍቕረካን እንተዘይተቐቢልካዮ፣ ምስኡ ኣብ ዘለካ ምምልላስ፣ ብዙሕ ኣይክትስጕምን ኢኻ። ካብ ኣምላኽ ብእምነት ኢና እንቕበሎ፣ እንተኾነ እምነት ብፍቕሪ እያ እትሰርሕ (ገላትያ 5:6) ስለዚ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ እንተዘይተቐቢልና፣ ካልእ ዝኾነ ነገር ክንቕበል ኣይንኽእልን ኢና።.

ብተወሳኺ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ብዘይ ፍርሂ ከም እንነብር ተኽእለና። (1 ዮሃንስ 4:18 ተመልከት) እዚ ንህይወት ክንድሰተላን ጽሕፍቶ ህይወትና ኣብ ምፍጻምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብናጻ ፍቕሩ ተቐበላዶ፧ እትሸየጥ ኣይኮነትን፣ ጽቡቕ ግብሪ ብምግባርካ ክትዕድጋ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኩሉ ክትገብሮ እትኽእል…ምቕባል… ምቕባል…ምቕባል ጥራሕ እዩ።

# 2

## ብቕዐ ድየ?

በቲ እተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለ ዝፈሰሰ፡ እታ ተስፋ ድማ ኣይተሕፍርን እያ። ገና ድኹማት ከሎና፡ ክርስቶስ ብገዜኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ። ኣብ ክንዲ ሓደ ጻድቕ ዚመውት እኳ ዚርከብ ኣይመስልን፡ እንድዒ ኣብ ክንዲ እቲ ጽቡቕ ዝገበረሉ ኺመውት ዚደፍርሲ ምናልባሽ ኣይምተሳእነን ይኸውን፡ ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።

እምብኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቍጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን። ጸላእቱ ኸሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡ ካብ ተዓረቕና ደኣ፡ ክንደይ ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን።

– ሮሜ 5:5-10

ኣብ መጀመርታ፡ ኣምላኽ የፍቕረና እዩ ኢልና ክንኣምን ቀሊል እዩ። እቲ ሽግር ግና ብዙሓት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ኣይፈትዉዋን እዮም። እዚ እንተላይ ኣምላኽ ብዙሕ ዘፍቕሮም ኰይኑ ከም ዘይስምዖም ክገብሮም እውን ተኽእሎ ኣለዎ።መጽሓፍ ቅዱስ ግና ከምዚ እዩ ዝብል፣ "እቲ ንስኻ እትዝክሮ ሰብ፣ እቲ እትሐልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ፧" መዝ 8፡4.

ንሕና ፍጥረት ኣምላኽ ኢና። ንሱ ዘፍቕረና ካልእ ምኽንያት ስለ

ዘሎ ዘይኰነስ፡ ስለ ዘፍቐረና ጥራሕ እዩ። ኣኸለ! ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፣ (1 ዮሃ 4፡16) ኣምላኽ ዘፍቐረና፡ ከፍቕረና ስለ ዝደለየ እዩ።

የፍቕረካ እዩ፣ ንስኻ ፍሉይ ዓይነት ሰብ ኢኻ። እዚ ማለት ንስኻ ብርቅን ፍሉይን ኢኻ። ከማይ ምኻን ኣየድልየካን እዩ። ኣነ እውን ከማኻ ክኸውንን ኣየድልን እዩ። ርእስኻ ምስ ካልኦት እናወዳደርካ ትነብር እንተለኻ፣ ዘዕገሸገሸ ህይወት ኢኻ ትነብር። እዚ ውድድር እዚ ንሰይጣን ብቑዕ ከም ዘይኰንካ ኢሉ ንኽነግሮ ዕድል ይህቦ። እቲ ሓቂ፡ ኣብ ኣምላኽ ብቑዕ ምኻን ኣየድልየካን እዩ። የሱስ ኣብ ቦታኻ በዊዑ ኣሎ። እቲ ክትወስዶ ዝነበረካ መቕጻዕቲ ወሲዱ፣ ዕዳ ሓጢኣትካ ከፊሉ።

ክሳዕ ሞት ካብ ኣፍቀረካ፡ ክንደይ ደኣ ብደሙ ዘይንጽሃካ፤(ሮሜ 5፡8-9 ርአ) ሕጂኸ የፍቕረካ ድዩ፤ ክሳዕ ዕለታዊ ጌጋታትካ ክትሽፍን እትኽእልን ካብ ኵሉ ዘይጽድቂ ከተንጽሃካን ዓቕሚ ዘለዋ ፍቕሪ ገይሩ እዩ ዘፍቕረካ።

በዛ እትስዕብ ኣብነት፡ ኣምላኽ ንጌታትናን ኣበራትካን ከመይ ከም ዝርእዮም ተመልከት። ሓንቲ ዕለተ-ዕለት ነዲኣ ገዛ ከተላዕል እንከላ እትርእይ፣ ጓል ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ህጻን ከም ዘላ ሕሰብ። ነዲኣ ኣጸቢቓ ስለ እተፍቕራ፣ ኣብ ንእሽቶ ሳንኬሎ ማይ መሊኣን ጨርቂ ሒዛን ናብቲ መስኮት ናይቲ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ገበላ ከደት። ነቲ መስኮት ኣዐርያ ፋሕፊሓቶ ብድሕሪኡ ወረቐት (ሶፍት) ገይራ ነቲ መስኮት ክትደርዞ ጀመረት።

ፍሉጥ እዩ፣ እቲ መስኮት ተጸይቑን ላሕመጥመጥ ኢሉን እዩ። እሞ ኸኣ እቲ ዝበለጸ ዝበሃል ናይ ኣዲኣ ጨርቂ እያ ተጠቒማ። ናብ ኣዲኣ መጺኣ፡ በቲ ልስሉስን ጥዑምን ደሃያ ገይራ፡ “ማሚ! ማሚ! ነቲ መስኮት ኣጽርየዮ። ሓጊዘኪ! ማሚ፡ ኣፍቕረኪ እየ።

እታ ፈቃር ኣደ ከምዚ በለት፡ “እዛ ጓለይ! ኣገናዕ! ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሕኪ! ስለ ዝሓገዝክኒ ድማ የቐንየለይ።” ብድሕሪኡ እታ ቈልዓ ናብ ጸወታኣ ምስ ከደት፣ ከይረኣየታ ከይዳ ነቲ ግዕዛይ ኣጽረየቶ። ብድሕሪኡ ንጓላ ኣብ ዝመጽእ ብቕኑዕ መገዲ መታን ክትገብሮ፣

ሓገዝ ክትሓትት ከም ዘለዋ ኣተባብዓታ።

ኣምላኽ ከኣ ከምኡ እዩ ዝገብር። ነቶም እነፍቅሮን ከም ምኽሩ ድማ እተጸዋዕና፣ ኩሉ ንሰናይና ይድግፈና እዩ። (ሮሜ 8፡28) ኩሉ ብሉጽ እተብሎ ትገብር እንተለኻ፣ ኣምላኽ ካባኻ ዝጽበዮ ከምኡ እዩ። ንእኡ እንተደሊኻዮ፣ ክሕግዘካ ይኽእልን ክሕግዘካን እዩ። ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ እናሳጋገረ፣ ናብ ምስሊ ኣርኣያኡ ክልውጠካ እዩ።( 2 ቆረንጦስ 3:18 ተመልከት)

"ኣምላኽ መንፈሱ ሰፈሩ ኣይህብን እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ዝለኣኾ፡ ንሱ ቓል ኣምላኽ እዩ ዚነግር። ኣቦ ንወዱ የፍቅሮ እዩ እሞ ኩሉ ኣብ ኢዱ ሃቦ።" (ዮሃ 3:34-35).

ሓደ እዋን እዛ ጥቕሲ እናነበብኩ እንከለዉ፡ ለካስ ኣምላኽ መንፈሱ ሰፈሩ ኣይህብን እዩ ኢለ ብምስትብሃል፣ ናይ ሓጐስ ንብዓት ነባዕኩ።ካብቲ ትንክፍ፡ ካብቲ ጥዕም ኣቢሉ ኣይኰነን ዝህበና። ንሱ ኣመና ጸጋዊ ስለ ዝኾነ፣ ካብቲ እንሓቶ፣ እንሓስቦን እንግምቶን፡ እምብዛ፡ ኣዕዚዙን እዩ ዝህበና።(ኤፌሶን 3:20 ርአ)

ኣብ ዘዳግም 7:6-7, ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ "ንስኻስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ቅዱስ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ካብ ኵሎም ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ዘለዉ ህዝብታት ፈልዩ፡ ህዝቡ ኽትኰኖ ሓረየካ። እግዚኣብሄር ዝፈተወኩምን ዝሐረየኩምን፡ ካብ ኵሎም ካልኦት ህዝብታት ስለ ዝበዛሕኩም ኣይኰነን፡ ካብ ኵሎም ህዝብታት እኳ ንስኻትኩም ትውሕዱ።"

እዚ ዘሀንጢ ነገር እዩ። ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ "ፍቕረይ ኣባኻ ኣንቢረ ኣለኹ። ቅዱስ ኢኻ ከኣ ኢለካ ኣለኹ። ንስኻ ፍሉይ ዝዓይነትካ ሰብ ኢኻ በልኩኻ። ኣነ ዝሓረኹኻ፡ ብቑዕ ስለ ዝኾንካ ዘይኰነስ፡ ስለ ዘፍቀርኩኻ እባ።" ኣምላኽ ሎሚ እንታይ ክትገብር ከም ዝደልየካ ትፈልጥዶ፧ ፍቕሩ ክትቕበል እዩ ዝደሊ። ጸገማት ገዛእ ርእስኻ ንኣምላኽ ካብ ምንጋር ኣቋርጽ።ቅድም ቀዳድም፡ ንስኻ ንእኡ ኣይተገርሞን ኢኻ። ንሱ ኩሉ ብዛዕባኻ ይፈልጥ እዩ።ምስኡ ዝምድና "ሀ" ኢልካ ክትጅምር እንከለኻ፣ እንተላይ

እንታይ ጌጋታት ክትገብር ከም እትኽእል ኣጥዕዩ ይፈልጥ ነይሩ እዩ።

ናይ ዝበዛሕና ዝዓበየ ጸገምና፡ ንገዛእ ርእስና ስለ ዘይንፈቱ እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ እምበኣር፡ ኣምላኽ ይኹን ካልእ ሰብ የፍቕረና እዩ ኢልና ዘይንኣምን። ስለዚ እምበኣር፡ ከመይ ኣቢሎም የፍቕሩና፡ ኢልና ንሓስብ።ኣነ ደኣ ተስፋ-ኣልቦ እንድየ ድማ ንብል።ሕማቕ ሰብ እየ ኢልካ ትኣምን እንተለኻ፣ ኣቢልካ ኣቢልካ ሕማቕ ሰብ ክትኰውን ተኽእሎ ኣሎ።ካብቲ ኣብ ልብኻ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ እትቐርጾ ምስሊ ንላዕሊ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።

እቲ ዝዓበየ ጸገመይ፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣይፈቱን እየ ነይረ።ነቲ ክኾኖ ኣለኒ ኢለ ዝሓስቦ ዝነበርኩ ሰብ ክመስል ድማ መዓልታተይ ሓንኩኽ እየ።ንመረድኢ፡ ለፍላፊት ኰይነ ይስመዓኒ ስለ ዝነበረ፣ ጸጥ ክብል ፈቲነ። ሱቕ ክብል ምስ ጀመርኩ ግና፡ ቅዝንትን ትክዝትን ኰንኩ።ኩሉ ዝፈልጠኒ ድማ፡ ስለምንታይ ትም ሕትም ከም ዝበልኩ ክፈልጥ ደለየ።ብልበይ ድማ ከምዚ በልኩ፡ “ምሽ ኣፍኪ ገፊሕ እዩ ትብሉ ነይርኩም፣ ሕጂ ከኣ ብዙሕ ንኸይዛረብ ኣፈይ ዓቢሰ ኣለኹ። ግደፉኒ እስከ!”

በዚ ጕዳይ እዚ ንኽንደይ ዓመታት ከም ዝሸድኩ ክነግረኩም ኣይክእልን፣ ብሰሪ ኣፈይ ድማ ኣብ መዓት እኣቱ ነበርኩ።ምኽንያቱ፡ ገዛእ ርእሰይ ክቕይር እየ ዝፍትን ነይረ።ሰይጣን ብዘይምቍራጽ ኣበሳን ኩነነን ክስመዓና ስለ ዝሰርሕ፣ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ከጋጥም እንከሎ፣ ኩሉ መዓልቲ ሕማቕ ሰብ ከም ዝኾንኩ ኣምሲሉ ይነግረኒ ነበረ። እምበኣረይከስ፣ጌጋ ነገር ምስ ገበርካ፡ ኣምላኽ የፍቕረኒ እዩ ኢልካ ንኽትኣምን ዘሎ ብድሆ ዓብይ ምዃኑ ይርደኣኒ እዩ።

ኣምላኽ ካብ ኩነነን ኣበሳን ሓራ ክትኰውን እዩ ዝደሊ።ሓራ ንኽትከውን ግና እምነትን ትብዓትን የድልየካ።ትፈልጥዶ፡ ዝኾነ መጠን ወይ ዕምቈት ክስመዓካ ዝኽእል፣ ንዝኾነ ክትገብሮ እትኽእል ወይ እትገብሮ በደል ክሽፍን ከም ዘይክእል።ካልኣይ ግዜ ክብሎ፣ክትብድል እንከለኻ፣ ኣምላኽ የፍቐኒ እዩ ኢልካ ክትኣምን ከመይ በዳሂ እዩ።

ሰይጣን ከሳዕ ክንደይ ሕማቕ ከም ዝኾንካ ብሓሳባት ኣቢሉ ከሳቕየካ ክፍትን እዩ። "ከምዚዶ ገይርካ፧" ክብለካ እዩ፣ መሊሱ ከኣ፡ "እዛ ገዛእ ርእስኻ እንታይ ኰይና ድያ ትስመዓካ፧ ካብዚ ንላዕሊ ክትገብር ነይሩካ...ሕጂ ኣምላኽ ክባርኸካ ኣይክእልን እዩ።ብዛዕባ የሱስ ክትምስክር ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣምላኽ ክጥቀመልካ ኣይክእልን እዩ። ጸሎትካ ድማ ኣይምልሰልካን እዩ። ቅኑዕ ነገር ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ።"

ኣብዚኣ ህሞት እዚኣ እዩ እምበኣር ኣብ ኣምላኽ እምነት ገይርካ፣ ብትብዓት ተንሲእካ ከምዚ ምባል ዘድሊ፡ "ኣቦ፡ጊጋ ገይረ እየ እሞ፣ ይቕረ በለለይ።ብዛዕባ እቲ ዝገበርክዎ ካብ ልቢ ይቕሬታ እሓትት፣ይቕረ ክትብለለይ ከኣ እሓትት ኣለኹ።" ንሰይጣን ክትምልሰሉ እውን ግርም እዩ።የሱስ ዕዳ ሓጢኣትካ ከም ዝኸፈለ፡ ካብ ኣበሳን ኲነነን ሓራ ዝወጻእካ ምሑር ሰብ ምዃንካ ንገሮ።እቲ ኣብ ህይወትካ ዝሰርሕ ቃል ኣምላኽ ኣብ ኣምላኽ ዘለካ እምነትን እምንቶን ይሃንጾ እዩ።ብድሕሪኡ ህይወት ከተሐጕሰካን ንኻልኦት ከኣ ንበረኸት ክትኰውንን ኢኻ።

ስለምንታይ እየ ጊንጢ ነገር ብተደጋጋሚ ዝገብር ዘለኹ ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል ትኾውን፣ኣነ እውን ከምኡ እሓስብ ነይረ እየ። ብድሕሪኡ ግና፡ ብኸምዚ ሓሳብ ክኹነን ከም ዘይብለይ ወሰንኩ።ብዛዕባ ዝገበርካዮ በደል፣ምስ ኣበሳን ኲነነን ምንባር ከተቋርጾ ምስ ወሰንካ፣ ካብ ምግባሮም ክትቍጠብ ክሕግዘካ እዩ።

ኣበሳን ኲነነን፡ ክሳዕ ሓራ ክትኰውን ዘይትኽእል ገይሮም እዮም ዝጸቕጡኻን ዘቐዝኑኻን።የዳኽሙኻን ናብ ሓጢኣት ድማ ብቐሊሉ ከም እትኣቱ ይገብሩኻን።

ስለዚ'ዩ እምበኣር፡ ካብ ኣምላኽ እተውሃብካዮ ሕድገት ሓጢኣት ክትቕበልን ንኲነነ ክትጻረርን ክትተብዕ ዘለካ።ነቲ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዝብሎ ብእምነት እናተቐበልካ፣ ኣብ ኣበሳ ከይትጠልቕ እናተጻረርካ ክትነብር ሐረ።እቲ ጸላኢ ገና ከምዚ ክብል እዩ፣ "ብዛዕባኡስ ወላ ሓንቲ ኣይስመዓካን ማለት ድዩ፧ ስለምንታይ፧

እንተገደደስ ንገለ ሰዓታት እኳ ሕማቑ ይሰምዓካ።ሕማቑ እኳ ኢኻ ገይርካ።" ንስኻ ግና ከምዚ ክትብል ኣለካ፡ "ፈጺሙ ሕማቑ ዝስመዓኒ የሎን።" ብድሕሪኡ፡ ኣምላኽ ነዚ ስምዒት እዚ ነገፍካ ጕዕዞኻ ክትቕጽል መታን፣ ክሕግዘካን ዝያዳ ጸጋ ክህበካን ጸሊ።ኣብተን መጀመርታ ፈተናታት እዚ ክብድ ክብል ይኽእል ይኾውን፡ ቀስ ብቐስ ግና ክቐልል እዩ።

ኣብ ኢሳይያስ 53 የሱስ ሓጢኣትና ከም ዝወሰደ፡ ኵነኔ ዘጠቓልለ ኣበሳና ድማ ከም እተሰከመ ንነብብ። ድያብሎስ፡ ካብ ኵነኔ ሓራ ክትኰውን ኣይደልን እዩ።ስለምንታይ፧ምኽንያቱ ኵኑን እንተኾንካ፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ክትቕበል ስለ ዘይትኽእል።ኵነኔ ካብ ኣምላኽ እዩ ዝፈልየካ። ህልውናኡ ከኣ ከተስተማቕር ኣይትኽእልን ኢኻ።ኵነኔ ንኣተኵሮኻ ካብ ኣምላኽ ቀንጢጡ፡ንእኡ ከም እትለብሶ እዩ ዝገብረካ። ኣምላኽ ሓጢኣትካ ንምሽፋን ጸጋኡ እኹል ከም ዝኾነ ዝበሎ ቃል ብምእማን ካብ ኵነኔ ሓራ ዝኾነ ህይወት ክትነብር ትኽእል ኢኻ።ብርግጽ ከኣ ኣምላኽ ከምቲ ዝበሎ እዩ ዝኾውን!ንሱ የፍቕረካ እዩ። ይቕረታኡን ጸጋኡን ድማ ከም ህያብ ይህበካ ኣሎ። ሎሚ ተቐበሎም!

# 3

## ፍቕሪ ዝምድና እያ

“ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኣሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።”

– 1 ዮሃንስ 4:16

ልክዕ ከምዚ ጽሑፍ ዝብሎ ዘሎ፣ ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሩ ክንፈልጣ፡ ክንምኵራን ከነስተብህለላን ይደሊ እዩ።ስለዚ ፍቕሩ ከመይ`ቢልና ከነስተውዕለላ ንኽእል፧ ክሳዕ ክንደይ የፍቅርካ ብዘየገድስ፡ ፍቕሩ ዘይትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ንኣኻ ኣይጠቕመካን እዩ።እስከ ሓደ ሰብ ብዙሕ ፍቕሪ እንተርእዩካ ከመይ ጽቡቕ ከም ዝስመዓካ ሕሰብ እሞ።

ከም እተፈቐርካ ምስ እትፈልጥ፣ ትብዓት ይህልወካ እዩ።ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ። እታ ፍቕሪ ከኣ ከርእየካ ይደሊ እዩ።ንነፍሲ ወከፍና ምስኡ ዕሙቕ፡ጥቡቕን ውልቃዊ ዝምድናን ክህልወና እዩ ዝዕድመና።ልክዕ ከም ምስ ሓደ ብጻይና እነዕልሎ ድማ፣ ምስኡ እውን ከነዕልል እዩ ዝደሊ። ምስ ኣምላኽ ሓቀኛን ውልቓዊ ዝምድናን ይህልወካዶ ይኹውን፧

ዳግም ስለ እተወለድና፣ ብቕጽበት ምስ ኣምላኽ ሕብረት ይህልወና ማለት ኣይኰነን።ልክዕ ከምቲ ምስ ካልእ ሰብ እንገብሮ፣

ምስኡ ዘለና ዝምድና ከነማዕብሎ ኣለና።

ቅድሚ እቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበረኒ ጕዕዞ ብዕቱብ ዝሕዞ፡ ንብዙሕ ዓመታት ክርስትያን እየ ነይረ። ሰንበተ-ሰንበት ቤተክርስትያን እኸይድ ነይረ፣ መዓስ ንሱ ጥራሕ፡ ንእሸቶ ወለንታዊ ስራሕ እውን ኣብኡ እሰርሕ ነይረ።ኰይኑ ግዳ፡ ኣምላኽ ሕመረት ህይወተይ ኣይነበረን።ባዶነትን ዘይምሉእነትን ይስመዓኒ ነበረ።ሕጂ ግና፡ ካንጊሄ ዝሓስቦን ምሸት መጨረስታ ዝሓስቦን ኣምላኽ ጥራሕ እዩ። ምስኡ ምሉእ መዓልቲ ሕብረት ኣለና። ካብ ንኣምላኸይ ምግልጋልን ንእኡ ባህ ምባልን ዝዓቢ ነገር የብለይን።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣምላኽ ጥራሕ ክመልኦ ዝኽእል ጥርሑ ሃጓፍ ኣሎ።ካልእ እትህቐኖን ሃረር እትብሎን፣ ነቲ ቦታ ክመልኦ ኣይክእልን እዩ።ንገዛእ ርእስኻ፡ "ምስ ኣምላኽ ዘለኒ ዝምድና፡ ክሳዕ ክንደይ ዕቱብ ኣዩ፧ንእኡን ፍቓዱን ልዕሊ ማንም ነገርዶ እሰርዖም፧ ልክዕ ከም ጳውሎስ ኣብ ግብረ ሃዋርያት፡ 17፡28 ብእኡ ኢና እንነብርን እንዋሳወስን ብእኡ ኸኣ ኢና ዘሎና፣ዝበሎ ክብልዶ እኽእል፧" ኢልካ ክትሓታ ኣተባብዓካ።

ኣምላኽ የፍቅረካ እዩ። ኣብ ቅድሚኡ ኣዚኻ ፍሉይ ሰብ ኢኻ።ምስኡ ዝምድና ክህልወካ እዩ ፈጢሩካ።እዚ እቲ ዝዓበየ ሃረርታ ህይወትን ኣብ ህይወትካ ድማ እቲ ፍጹም ፍቓዱን እዩ።ኣብ ጸጽባሕ፡ ኣብ ልብኻ፡ "ሓደርካ, ኣነ ኣፍቕረካ እየ፣" ሕሹኽታ ድምጺ የስምዓካ እዩ። ከምዚ ዝብል ድምጺ ሰሚዕካ ዘይትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ክትሰምዕን ክትኣምንን ተጸሊዶ፧

ሓንቲ መሓዛይ ኣላ፡ ንኣቦ፡ ኣሜሪካውያን ንግሆ ንግሆ ክትንስኡ እንከለዉ፣ በቤቶም ከም ዝኸዶም ገይራ እያ እትቖርጾ።ናብቶም ምስኡ ክሓብሩ ዝበሎም ድማ ይኣቱ።መንበር ስሒቡ ኮፍ ይብል። እቶም ሰባት ተንስኡን መጽኡን ከዱን፡ መጽኡን ከዱን። ንኣምላኽ ከኣ፡ "ደሓር! ኣብቲ ዘለኻዮ ቀሩብ ጽናሕ። እዚኣ ምስ ወዳእኩ ክዛረበካ እየ። ምሳኻ ደሓር ሕብረት ክገብር እየ። ኣምላኽ ምሳኻ ደሓር፡ ምሳኻ ደሓር፡ ምሳኻ ደሓር..." ይብልዎ።

እታ መዓልቲ ትውዳእ፡፡ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ዘዘራርቦ ሰብ ስለ ዝሰኣነ፣ ኣምላኽ ሓዚኑ ካብ ቤቶም ይኸይድ፡፡ኵላቶም ኣብቲ ኣገዳሲ ነገር ዝብልዎ ነገር ተጸሚዶም፣ ንኣምላኽ ዝኾውን ጥር እተብል ግዜ ተሰኣኖም፡፡

ካልእ ዕማም ምስ ኣምላኽ ንዘለካ ግዜ ኣይወጥጦ፡፡ንኽትጽልን ምስኡ ግዜ ንኸይተሕልፍን ግዜ ትስእን እንተለኻ፣ብኻልእ ዕማም ትሑዝ ኢኻ ማለት እዩ፡፡ንኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ከም እተፍቅሮ ግዜ ወሲድካ ንገሮ፡፡ ኵሉ ነገር ክሓልፍ እንከሎ፣ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ዘይሓልፍ፡፡በቃ! ምስኡ ዝምድና እንተዘይነይሩካ፣ ኣብ መወዳእታኡስ ከም ብሓድሽ ንኽትጅምር ክረፍደካ እዩ፡፡

ኣቦይ ወላዲየይ ኣብዚ ቀረባ እዋን እዩ ዓሪፉ፡፡ ቅድሚ ምሟቱ፣ ቅድሚ 3 ዓመት እዩ ጐይታ ተቐቢሉ፡፡ እዚ ከኣ ኣዝዩ የሐጕሰኒ፡፡ወላ`ኳ ኣቦይ ናብ ጐይታ እንተኸደ፣ እቲ ኣብዚ ምድሪ`ዚ ብጐይታ ክነብሮ ዝነበሮ ዕዉት ህይወት ግና ከሲርዎ እዩ፡፡ንገዛእ ርእሱ ኢሉ እዩ ዝነብር ነይሩ፡፡ኣብ መወዳእታ ጣዕሳ ንጣዕሳ ምእንቲ ከይትኾውን፣ ኣብ ዘይኰኑ ኣኽሰርቲ ነገራት ግዜኻ እናጥፋእካ፣ ክሳዕ መወዳእታ ዕለተ ህይወትካ ኣይትጸበ፡፡ግዜ ካብ ኣምላኽ እተውሃበና ኣዝዩ ክቡር ህያብ እዩ፡፡ኣበይ ከም እነጥፍኦ ከኣ ኣዚና ክንጥንቐቐ ኣለና፡፡ርኢኻ ኣለኻ፣ ሓንሳእ እንተጥፊእካዮ፣ ክትመልሶ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ምስ ኣምላኽ ግዜ ምሕላፍ ግሩም ዓስቢ ኣለዎ፡፡ግዜ ምስ ጐይታ ምሕላፍ፡ ዓብይ ዓስቢ ኣለዎ፡፡ እንተ ካልእ እሞ፣ ከቢድ ዋጋ ዘኽፍል ሕሱር ዕጋበት እዩ ዝህበና፡፡

ፍቕሩ ከመይ`ቢልካ ክትቐበል ከም እትኽእል ምእንቲ ክትመሃር፣ ኣብዛ ዓመት እዚኣ፡ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣተኵርካን ብዛዕባ ንፍቕሪ ዝገልጹ ጽሑፋት ኣጽኒዕካን ክትሓልፋ እምሕጸነካ፡፡ፍቕሪ ኣምላኽ ምሉእነት፡ ሰላም፡ ሓጐስን ኣብ ህወት ውዕዉዕ መንፈስን እያ እተምጽኣልካ፡፡ህድእ ኢልና ውልድነትና ከነስተማቕር ጐይታ ይደልየና እዩ፡፡ንሱ መን ምዃኑን ክትፈልጥን ዝያዳ ክትፈልጦን፣ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣጽንዓዮም፡፡

1 ዮሃ 4:16 ከምዚ ይብል፡ “ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ

ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኢሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።”

ኣንጊህካ ምስ ተንሳእካ፣ ዘይተፈቐርካ ኰይኑ ክስመዓካ ይኽእል ይኸውን።ጸዓት ዘይብልካ ክኸውን ይኽእል ይኸውን፣ ዕዝምዝም ንኽትብል ዕድል ዘኸፍት መዓልቲ ኰይኑ ክስመዓካ ይኽእል ይኸውን። እቲ ሰናይ ዜና ግና፡ ቃላት ምትብባዕን እምነትን ብምዝራብ ኣመላኽታኻ ክትቕይር ትኽእል ኢኻ።ዓው ኢልካ፡ “ኣምላኽ እምብዛ እዩ ዘፍቕረኒ፣ ኣነ መርዓት ዓይኑ እየ። ንዓይ ዝበሎ ከኣ ግሩም ውጥን ኣለዎ።”

ንገዛእ ዓርስኻ ክትዛረባ ኣለካ፣ ብፍቕሪ ኣምላኽ ከም እተኸበብካ ድማ ክፍለጠካ ኣለዎ።መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣምላኽ ኣብ ኢዱ ከም ዝወቐጠካ እዩ ዝነግር (ኢሳይያስ 49:16 ርአ) ኣብ ላዕሊ ኰይኑ፡ “ረኣይዎም እሞ እቲኣቶም! ክጽብቑ ምሸ፤ ኣነስ ኣዝየ እየ ዘፍቕሮም።ረኣይዎም ጸቀይ ኣብ ኢደይ ወቒጠዮም ኣለኹ፡” እዩ ዝብል። ከም ዘፍቕረካን ምሳኻ ሕብረት ከም ዝናፍቕን ክገልጸልካ ኢሉ፣ ንቀጻሊ ክዝክረካ መታን ኣብኡ ኣቐሚጡካ ኣሎ።

ንኣምላኽ ከተማስዎን ምስኡ ድማ ህሉው ሕብረት ክህልወካ ከም ዘለዎን ዘክር።ሓንሳእ ሓንሳእ ኵሉ ንጥፈታትካ ኣቋሪጽካ፣ ግዜ ወሲድካ ንኣምላኽ ስለ ዝፈለጥካዮን፣ ክሳዕ ክንደይ ግሩም ከም ዝኾነን ከተመስግኖ ትደሊ ትኸውን። ፍትሕትሕ በልን ንኣምላኽ ኣፍቕሮን! 1 ዮሃ 4:16-17 ከምዚ ይብል, “ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኢሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር። ከምቲ ንሱ ዘለዎ፡ ከምእውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት ምእንቲ ኺህልወና፡ በዚ እታ ፍቕሪ ኣባና ተፈጸመት።”

ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካ ምፍላጥ፣ ኣብ እምኑነቱ ክትኣምን ርጕጽነት ይምጥወካ።እምነት፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወት፡ ኣብ ልብኻ ሰላም፡ ፈውሲ፡ ብውህበታቱ ዝሃብተመ ህይወትን

ሓጐስን ዘጠቓለለ ኵሉ በረኸታቱ፣ ኣምላኽ ከፍቕረካ ብምፍቃድ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።እዚኣቶም ኣምላኽ ከፍቕረካ ብምፍቃድ ጥራሕ ኢኻ ክትረኽቦም ትኽእል።

ገለ ገለ እዋናትስ፡ ኣነ ንኣምላኽ ከፍቕሮ ኣለኒ ኢልና ንሓስብ ንኸውን። እንተኾነ ግና፡ መጀመርታ ኣምላኽ ከፍቕረካ ከትፈቕደሉ ኣለካ። ክሳዕ ኣምላኽ ከፍቕረካ ዘየፍቐድካሉ፣ ንኣምላኽ ፍቕርኻ ክትገልጾሉ ትኽእል ኢኻ ኢለ ኣይኣምንን እየ። መጽሓፍ ቅዱስ ንሱ ቀድም ስለ ዘፍቐረና፣ ንሕና ድማ ከም እነፍቕሮ ይነግረና። (1 ዮሃንስ 4:19 ርአ)

ኣምላኽ ከም ዘፍቐረና እንተፈሊጥና፡ ፍቕሩ ከኣ እንተተቐቢልናያ፣ ንሕና ድማ ተመሊስና ከነፍቕሮ ንኽእል ማለት እዩ።ብድሕሪኡ ምስኡ ሕብረት ክህልወና ይኽእል እዩ።ምስ ኣምላኽ ጿኣ ከመይ`ቢለ ሕብረት ክህልወኒ ይኽእል ኢልካ ክትግረም ትኽእል ትኸውን።መጀመርታ፡ ኣምላኽ ምስኡ ሕብረት ክገብር ምስ ነገረኒ፣ ኣብ ሳሎን እየ ኮፍ ኢለ ነይረ፣ “ሕጂ እንታይ ማለት እዩ፣” ኢለ ሓተትኩ። ሓቂ እዩ ከኣ፣ ምስ ኣምላኽ ከመይ ኢልካ ሕብረት ትገብር ኣይፈልጥን እየ ነይረ። ምኽንያቱ፡ ኣብታ ግዜ`ቲኣ ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ ከም ዘፍቐረኒ ብሓቂ ኣይፈልጥን እየ ነይረ።እምንቲ መሓዛኡ ክኸውን ከም ዝደልየኒ ዝነበረ ድማ ኣይርደኣንን ነበረ።ምስኡ ግዜ ምስ ኣሕለፍኩ፡ ምስ ጸለኹ፡ ቃሉ ምስ ነበብኩን እንሓንሳእ ከኣ ኣብ ህልውናኡ ጸጥ ምስ በልኩን፣ ምስኡ ዝነበረኒ ሕብረት ክስተማቐሮ ጀመርኩ።

ውጽእ ኢልካ ክትፍልም አተባብዓካ ኣለኹ።ንኣምላኽ ዕድል ሃቦ እሞ፣ምስኡ ከመይ`ቢልካ ሕብረት ክህልወካ ከም ዝኽእል ክምህረካ እዩ።ምስ ኣምላኽ ሕብረት ንምግባር ዝኾነ ቀመራ ክህበካ ኣይክእልን እየ። ሓደ ነጥቢ፡ ክልተ ነጥቢ፡ ሰለስተ…ወዘተ እናበልካ ክትቕምር ኣይደልን እየ።ብቅዱስ መንፈሱ ክትምራሕ እየ ዝደሊ። ኣምላኽ ምስኡ ክምሸወካ እዩ ዝደሊ። ኣምሳይኡ፡ ብመሰረት ኤፈሶን 3:17፡ ልብኻ ቤት ክርስቶስ እዩ።

# 4

## ፍቕሪ, እምንቶን እምነትን

“ብክርስቶስ የሱስሲ፡ እታ ብፍቕሪ እትገብር እምነት ደኣ እምበር፡ ግዝረት ኲነ ወይ ዘይግዝረት ሓደ ግዛዕ ኣይከአሎን እዩ።”

– ገላትያ 5:6

ዝበዛሕና፡ እምነት ንኽህልወና እልቢ ዘይብሉ ግዜ ኢና እነባኽን። ብዘይ እምነት ከኣ ንኣምላኽ ከነስምሮ ከም ዘይንኽእል ንፈልጥ ኢና።(እብራውያን 11:6 ርአ) ስለዚ ኢና እምበኣር እምነት ክህልወና እንሰርሕን እንጽዕርን። እምነት ግና ኣብ ልብና እያ እትዓብይ፣ ብመገዲ ፍቕራዊ ሕብረት ዝሰረቱ ዝምድና ምስ ኣምላኽን ቃሉ ብምስማዕን ከኣ ክንረኽባ ንኽእል።እዚ ካብ ኣምላኽ ምግላጽ ምስ እትረከብ ኢኻ ትረኽቦ።እምነት ክምህረካ ኣይክእልን እያ፣ ኰይኑ ግና፡መትከላት እምነት ምሂረ ንእምነት ሃረር ከም እትብላ ክገብረካ እኽእል እየ።እምነት ማለት ናብ ኣምላኽ እትዝርጋሕን ገለ ካብኡ ድማ እትቕበልን ምሳልያዊት ኢድ እያ።

እምነት ንኽንረክብን ንኣምላኽ ከነሐጕስን ኢልና ክንቃለስ ኣይግባእን።እኳ ደኣ ግዜኻን ጕልበትካን ምስ ኣምላኽ ኣጥፊእካ፣ ንእኡ ኣፍቂርካ ፍቕሩ ክትቕበል እዩ ዝግበኣካ።

2 ቈረንጦስ 5:6-7 ከምዚ ይብል, “ስለዚ ዅሉ ሳዕ እሙንቶ ኣላትና፡ ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና

እሞ፡ ኣብ ስጋ ሰፊርና ኽሎና፡ ካብ ጕይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና፡ ንፈልጥ ኢና።”

ሓደ እዋን እዚ ጽሑፍ እዚ እናነበብኩ እንከለኹ፣ ኣምላኽ ገለ ጸዓት ዘለዎም ነገራት ገይሩ ንልበይ ክዛረቦ እንከሎ ተሰምዓኒ።ብእምነት ክኸይድ ኢለ ዝገብሮም ጕዱሎታተይን ምፍታነይን ከም ዘይሰርሑ ኣርኣየኒ።እዛ ቊንጫል ጽሑፍ፣ ብመሰረት ምስ ኣምላኽ ዘለኒ ዝምድና ጥራሕ እየ፣ ብእምነት ክመላለስ ከም ዝኽእል እትነግረኒ ዘላ።ህድእ ኢልካ ብዛዕባኣ ሕሰብ! ብዛዕባ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ዝምድና ከመይ ከም ዝስመዓካ ነዛ ገዛእ ርእስኻ ሕተታ።

ኣብ ቅድሚ ኣዒይንቲ ኣምላኽ ኣይጸደቕኩን ኢሉ ዝሓስብ ሰብ፣ ብእምነት ክመላለስ ኣይክእልን እዩ።ሳላ መስዋእቲ የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ኣምላኽ ጸዲቕና ኢና።( 2 ቈረንጦስ 5:20-21) ጽድቕና ኣብ ዝገበርናዮ ወይ እንገብሮ ኣይኰነን ዝምርኰስ፣ እንታይ ደኣ፡ ኣብቲ የሱስ ዝገበሮ እዩ ዝምርኰስ።ስለዚ፡ ሓደ ምግዱር እየ ኢሉ ዝኣምን፣ብእምነት ክመላለስ ኣይክእልን እዩ።

ገላትያ 5:6 እምነት ብፍቕሪ ከም እትሰርሕ (እትገብር) ይነግረና።ብዙሓት ሰባት እዛ ጽሕፍቲ ማለት፡ ንኻልኦት ሰባት እንተፍቂሮም፣እምነቶም ትዓየሎም እሞ፣ ካብ ኣምላኽ ዝደለይዎ ከኣ ዝቕበሉ ኰይኑ ይስመዖም።

ወላ'ካ ኣምላኽ ብፍቕሪ ክንመላለስ ዝደልየና እንተኾነ፣ ክሳዕ ንእሉ ዘየፍቐርናዮ ግና ነዚ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።ቀሊል ነገር እዩ! ዘይብልና ክንህብ ኣይንኽእልን ኢና።ትእዛዝ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፣ ምስ ሰባት ብፍቕሪ ክመላለስ ነዊሕ ዓመታት ፈቲነ እየ። እንተኾነ ግና፡ ክሳዕ እታ ዘይኩነታዊት ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ዝቕበላ፣ ክገብሮ ኣይከኣልኩን።ብመጠን ብዛዕባ ገዛእ ርእሰይ ጽቡቕ እተሰምዓኒ፣ ብኡ መጠን ከኣ ንኻልኦት ሰባት ብሓቀኛ ፍቕሪ ክበጽሖ ጀመርኩ።ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካ ብርግጽ ትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ካብኡ ክትቕበልን ድልየታትካ ክማልኣልካን ኣይክጽግመካን እዩ።ሰባት ክቕበሉ ዘይክእሉ፣ኣምላኽ

ከም ዘፍቕሮም፣ ድልየታቶም መሊኡ ክባርኾም ከም ዝደሊ ሓቂ ብሓቂ ስለ ዘይኣምኑ እዩ።

ከምዚ ክትብል ትደሊ ትኾውን፡ “ክኣምን እደሊ እየ፣ ግዳ ከመይ`ቢለ፧” ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ፣ ኵሉ ክትገብሮ ዘለካ፣ ንሱ ምስ ኣርኣየካ፣ ከተለልያ ጥራሕ እዩ ዘለካ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ “ንሱ ቅድም ኣፍቂሩና እዩ እሞ፡ ንሕናውን ነፍቅር ኢና።” (l ዮሃንስ 4:19) ቅድም ከም ዘፍቕረካ እንተዘይረጋገጽ፡ ንኣምላኽ ከተፍቕሮ ኣይትኽእልን ነይርካ።

ፍቕሪ ኣምላክ ኣብ ልብኻ...ኣብ ውሽጢ እያ ዘላ።ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝርእየካ፣ ገዛእ ርእስካ ክትርእያ ምስ ጀመርካ ከኣ ክትፈልጣ ኢኻ።ንሱ፡ ንስኻ ግሩም፡ ምልኩዕ/ምልክዕቲ፡ወሓለን ክቡርን ምዃንካ እዩ ዝነግር። ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ።ከምቲ ኣምላኽ ዘፍቕረካ ገይሩ ዘፍቕረካ ሰብ፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ የሎን።

ብመጠን ብዛዕባ ፍቕሪ ኣምላኽ ዘስተንተንካዮ፡ ብእኡ መጠን ከኣ እምነትካ ክትለቅቑን እቲ ንሱ ዝደልዮ ናብራ ክትነብርን ትኽእል ኢኻ።ብዘይካ ንሱ ካልእ ኣየድልየላን እዩ። ዝተረፈ፡ ኣምላኽ ንካልኦት ሰባት ናብ ህይወትካ ከምጽኦም እዩ። እቲ ሓቂ፡ ወላ ካልእ ሰብ ዝበሃል እንተዘይነብር፣ ንስኻን ኣምላኽን ጥራሕ እኳ እንተትነብሩ፣ወላ ሓንቲ ኣይምጸገመካን። ኣምላኽ ብሉጽ ዓርክኻ ክኾውን ይኽእል እዩ። ብጻይ እንተዘይብልካ፣ ብጻይካ ክኾውን ይኽእል እዩ።ኣቦን ኣደን እንተዘይብልካ፣ ንሱ ኣቦን ኣደን ክኾነካ ይኽእል እዩ። ኩሉ እቲ እትደልዮ ክኾነልካ ይኽእል እዩ። ንኣምላኽ ክገብረልካ ጥራሕ ኣይትሕተቶ፣ ኣብ ህይወትካ ንሱ ብዝያዳ ክርኦ ደኣ ደኣ ሕተቶ።ምልኣት ኣምላኽ ክመልኣካ ለምኖ። (ኤፈሶን 3:16, 19 ርአ)

ኣምላኽ የፍቕረካን ድሌታትካ ክምልእን ድሌት ልብኻ ክፍጽምን ይደሊ እዩ። ብእኡ ባህ ምስ ዝብለካ፡ ብመገዱ ኣቢሉን ኣብ ምዱብ ሰዓቱን እዘም ነገራት ክህበካ እዩ። (መዝሙር 37:4). ኣምላኽ ንኣብርሃም ከም ዝባርኾን ንበረኸት ከም ዝገብሮን ነገርዎ።ኣምላኽ ከምኡ እዩ ክገብረልካ ዝደሊ፣ ግና ክትኣምን

ኣለካ፡፡እምነትካ ለቂቕካ ነቶም ኲሎም መብጽዓታት ኣምላኽ እመኖም፡፡ እዘም መብጽዓታት ንኣኻ እዮም፡፡

## እምነትን ግብሪ ስጋን

ጸጋ ብኸምዚ ክግለጽ ይከኣል እዩ፦ ኣምላኽ ንድልየታትካ ንምምላእ፣ሓይሉ ክጥቐም ዘለዎ ጥሙሕ እዩ፡፡ ልክዕ ከምቲ ኣምላኽ ንኽትድሕን ጸጋኡ ዝሃበካ፣ብፍቕሩ ከኣ ንእትደልዮምም ነገራት ኣሚንካ ከም እትረኽቦም ይገብር፡፡ ነቶም እተፍቕሮም መቕረብኻ፣ ናብ ጐይታ ክመጽኡ ትደሊ ትኹውን፣እንተኹነ ግና ንወላሓደ ንኣምላኽ ከም ዘፍቕሮ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ናብ ኣምላኽ ጸሊኻ ኣብ ልቦም ክዓዪ ክትልምኖ ትኽእል ኢኻ፡፡ ብገዛእ ግብርኻ ግና ክዉን ክትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡

ግብርታት ስጋ ወይ ብሓይልና ክንገብሮም እንፍትን ነገራት፡ ተስፋ እዮም ዘቑርጹና፡፡ምኽንያቱ፡ ኣምላኽ ጥራሕ ክገብሮም ዘለዎ ነገራት፣ ክንገብሮም ንፍትን ስለ ዘለና፡፡ እናገበርና፡ ግና ወላ ሓደ ጽቡቕ ውጽኢት ኣይንረክብን፡፡እቲ ክንገብሮ ዘለና፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንገዛእ ርእስና ትሕት ኣቢልና ሓገዙ ምሕታት እዩ፡፡መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ 1 ጴጥ 5:5 ከምዚ ይብል፦ ኣቱም መንእሰይ፡ ከምኡ ነቶም ዚዐብዩኹም ተገዝእዎም፡፡ ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓዐቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ እሞ፡ ኲላትኩም ንሓድሕድኩም ምእንቲ ኽትግዝኡ፡ ትሕትና ተዐጠቑ፡፡

ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብጸጋ ኣቢልና ብእምነት ኢና ዝደሓንና፡፡በቲ ዝደሓንናሉ መገዲ እምበኣር መዓልታዊ ብእኡ ክንነብር ኣለና፡፡ እዚ ማለት ብእምነት ዝርከብ ጸጋ ኣምላኽ፡፡ኣብ ህይወትካ ሰረተ ፍቕሪ ኣምላኽ ምስ ሃለወካ፣ ንኣምላኽ ክትኣምኖ ትጅምር፡፡ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይትመላለስን ኢኻ፡፡ኣብ ልብኻ፡ ኣምላኽ መብጽዓታቱ ክሕሉ እሙን ምዃኑ ክትፈልጥ ኢኻ፡፡

እታ ብክርስቶስ የሱስ እምነትኩምን ንኹሎም ቅዱሳን ዘላትኩም ፍቕርን ምስ ሰማዕና፡ ኲሉ ሳዕ ምእንታኻትኩም

እናጸሌና፡ ንኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ነመስግን አሎና። (ቈሎ 1:3-4). ንኣምላኽ ከፍቕረካ ምስ እተፍቕደሉ፣ ንስኻ እውን ከተፍቕሮ ትኽእል ኢኻ።ምስ ኣምላኽ ዘለካ ዝምድና ክዓምቕ እንከሎ፣ እምነትካ ከኣ እናዓበየት ትኸይድ።ኣምላኽ ኣባኻ፡ ብኣኻን ንኣኻን ሓይሊ ይሰርሕ። እዚ ኩሉ ግና ብግልጸተ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ዝጅምር። ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ! በዚ ነገር እዚ ኣይትጠራጠር።

# 5

# ካብ ፍርሒ ሓራ ምኳን

“ፍርሃትሲ ስቓይ እያ እተምጽእ፡ እቲ ዚፈርህ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኰነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ እምበር፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን።”

– 1 ዮሃንስ 4:18

ኣምላኽ ከም ዘፍቕረና ምሉእ ብምሉእ ኣሚንና ኣብ እምነትና ድማ ጽቡቕ እንኸደሉ ህሞት ህይወት ኣሎ።

ድሕሪኡ፡ ሃንደበት ጸላኢ ከጥቕዓና ኢሉ ገለ ይልእኽ።ኲነታት ህይወትና—ዘጋጥሙና ሕማቃት ነገራት—ንእምነትና ልዕሊ ማንም ይጸልውዎ።ገለ ሰባት ከሳዕ ኲነታት ንእምነቶም ዝጸልውዎ፣ ኣምላኽ የፍቕረና እዩ ኢሎም ንኽኣምኑ ጸገም የብሎምን።

ኣብዚኣ እዩ እምበኣር ጸላኢ፣ ካብቲ ክሕግዘካ ዝኽእል፡ ማለት ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ክፈልየካ ኢሉ ምስ ፍርሕን ኲነነን ዝመጽእ።“እምባእ, እዚኸ፡” ይብለካ፡ ወሲኹ፡ “ኣምላኽ ዘፍቕረካ እንድዩ ደኣ ዝመስለኒ ነይሩ። ከመይ`ቢሎም ደኣ ከፉኣት ነገራት ይጐንፉኻ ኣለዉ፧ገለ ሕማቕ ነገር ገይርካ ኣለኻ። ኣምላኽ ከመዓተካ እዩ፡” ይብለካ።

ኣብ ግዚያት መከራን ፈተናን፡ ግዚያት ዓሎቼነትን

ዘይፍትሓውነትን ኣብ ኣምላኽ ዘለካ እምነት ከተጥፍእ ቀሊል እዩ።ኣምላኽ ኣብቲ እንሓስቦን ክገብሮ ኣለዎ እንብሎን ኣይኰነን ዝሰርሕ። ካብቲ ናትና ውጥን ኣመና ዝዓብይ ውጥን ኣለዎ። ልክዕ ከምቲ ንኹነታትና ክልውጦ ዝደልይ እዩ ንዓና እውን ክልውጠና ዝደልይ።ኣቐንዘውቲ ኩነታት ህይወት ድማ ወትሩ ኣብኡ ንዘለና እምነት ንመህነጺ ይጥቐመሎም ንእኡ በይኑ ከመይ`ቢልና ከም ንኣምን ክንመሃር ከኣ ይሕግዘና።ኣብዘን ግዚያት፡እንታይ የጋጥም ኣሎ ኣይርዷኣናን ይኾውን ኣብ ኣምላኽ ኣየፍቕረናን እዩ ዝብል መፈንጠራ ክንወድቕ ንኽእል ኢና። ኣብዚ እዋን እዚ ኢና እምበኣር፡ ሮሜ 8፡35-39 ክንዝክራ ዘለና፦ ካብታ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝፈልየና ከቶ የሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ድማ ኣጸቢቑና ንስዕር ኢና። ኣብ ጸበባ ክንኣቱ እንከለና፣ እቲ ዝበለጸ ክንገብሮ እንኽእል ነገር፣“ጐይታ, ከም እተፍቕረኒ እፈልጥ እየ፣ እዚ ከኣ ንጽቡቐይ ከም ዝኾውን እኣምን።”

ሓንሳእ ሓንሳእ፡ ኣምላኽ ክሳዕ ኦሮማይ እንብል ክጽበየና ይኽእል እዩ።ንኣልኣዛር ትዝክሮዶ፧ሓሚሙ ነይሩ። የሱስ ግና ክሳዕ ዝመዉት ተጸብዩ፣ ብድሕሪኡ ከይዱ ንእኡን ንስድራኡን ሓጊዝዎም።ማርታ ኦሮማይ እኳ እንተበለቶ፣ የሱስ ግና እንታይ ከም ዝገብር ይፈልጥ ነይሩ፡ ኣልኣዛር ከኣ ንኣምላኽ ኣዝዩ ብዘኽብር መገዲ ተንሲኡ።ኣምላኽ ብሰሌዳ ግዜና ተኸቲሉ ዘይሰርሕ ክኾውን ይኽእል፣ ነገር ግና፡ ኣይድንጐን እዩ።ኣብ ህይወትካ መከራ ክጽዕጽዓካ እንከሎ፣ ኣተኩሮኻ ኣብ ኣምላኽ ግበር እሞ፣ እምነትካ ከተጐላዕልዕ እያ። ፍርህን ድንግርን ፍቕሪ ኣምላኽ ክሰርቑኻ ኣይተፍቕደሎም።

1 ዮሃንስ 4:18 እምብዛ ሓያል ጥቕሲ እያ፡ “እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሂ ተባርራ እያ።” ክትርዷኣኒ ኢለ ነዛ ጥቕሲ መመሊሰ ኣስተንተንክዋ፣ ሓደ መዓልቲ ከኣ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ከም እተባርራን እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ከኣ ባዕሉ ኣምላኽ ምዃኑ ተረድኣኒ።እታ ፍቕሪ ንኣኻ ክሳዕ ክንደይ ፍጽምቲ ምዃና ምስ እትፈልጥ፣ ፍርሂ ክቈጻጸረካ ኣይተፍቕደሉን ኢኻ።

ምናልባሽ ፍርሂ ክስመዓካ ይኽእል ይኾውን፡ ኰይኑ ግና፡ ምስ

ኣምላኽ ንቑድሚት ኢኻ ትግስግስ። ምኽንያቱ፡ ንሱ ኩሉ መዓልቲ ምሳኻ ከም ዘሎ ስለ እትፈልጥ።

ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካ ትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ውድቀት ክትፈርህ ኣይትኽእልን ኢኻ። ፍቕርን ተቐባልነትን ኣምላኽ ኣብ ንጥፈትካ ከም ዘይምርኰስ ስለ እትፈልጥ፣ ነገራት ኣብ ምግባር ድሕር ኣይትብልን ኢኻ።ኣብ ኣምላኽ ትውከል እንተሎኻ ክትወድቕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ ትውከል እንተለኻ ጥራሕ ኢኻ ክትወድቕ ትኽእል። ነገራት ከምቲ ዝመደብካዮም ዘይከኸዱ ይኽእሉ ይኾኑ፣ ኣዕይንትኻ ኣብ ኣምላኽ እንተተኺልካ ግና፡ ንጽቡቕካ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካ ትፈልጥ እንተኾይንካ ውድቐት፡ ንጽገት፡ ስእነት፡ ሕሉፍን መጻእን ኣየፍርሃካን እዩ።

ፍቕሪ ኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝኾነት፣ ንኹሉ እያ እትጸውር።እቲ ዘድሓነካን ሓራ ዘውጽኣካን ኣምላኽ፣ ከመይ`ቢሉ ውዱቕ ክገብረካ ይኽእል፧ ሓጋዚ ዘይብልካዶ ገይሩዶ ይገድፈካ፧ ሰይጣን፡ ጸላኢ ነፍሳትና እዩ።ሓሳውን ሰራቕን እዩ። የሱስ ግና ህይወት ምስ ተረፋ ክትህልወና እዩ ዝደሊ።(ዮሃ 10:10).

1 ዮሃ 4:18: “ፍርሃትሲ ስቓይ እያ እተምጽእ፡ እቲ ዚፈርህ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኰነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ እምበር፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን።”

ልክዕ ድሕሪ እቲ ኣምላኽ ፍጽምቲ ፍቕሩ ንፍርሂ ከም እተባርራ ዘረድኣኒ፣ ነታ ፍልጠት እቲኣ ኣብ ግብሪ ከውዕላ ነይሩኒ። ማኪናና ጸገም ነይርዋ።እቲ ትራንስሚሽን ዝበላሾ ዘሎ ኰይኑ ተሰምዓና፣ መቐየሪ ድማ ገንዘብ ኣይነበረናን። ኣይትበላሾን እባ ትኾውን፣ ዝኾነ ይኹን ኢልና ነታ ማኪና ክንዝውራ ጀመርና።

ሓደ ረፋድ፡ ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ንልበይ ከጸናንዖ እንከሎ ተፈለጠኒ፡ “ጆይስ, እዛ ተሪፋ ዘላ መዓልቲ ንኣይ ኣብ ምፍቃር ኣሕልፍያ። ኣነ ከፍቕረኪ ከኣ ፍቑድለይ። ካልእ እትገብርዮ ነገር የሎን።ዓብይ እምነት ዘለዋ ሰበይቲ ምዃን ኣየድልየክን እዩ። ኩሉ

እቲ እትጿልዮ፡ ኣብ ፍቕረይ ምጽናዕ ጥራሕ እዩ።”

ስለዚ ክዝምር ጀመርኩ፡ መዛሙራት እውን ከፈልፍል ጀመርኩ። ጥዑም ግዜ ከኣ ነይሩኒ።ሃንደበት፡ ብዓል ቤተይ ኣብ ገራጅ ሰማዕክዎ። ስራሕ ምስ ከደ ድሕሪ 45 ደቓይቕ ኣቢሉ እዩ ተመሊሱ። ማዕጾ ኣርሒዩ፡ “በቲ ቀዳማይ ማርሻ ከተንስኣ ኣይከኣልኩን።እዛ መኪና ወሲድና ከነዐርያ ኣለና፣” በለ።

ማዕጾ ዓጽየ ክስሕቕ ጀመርኩ። መሸም ከምዚ ምግባረይ ንቡር ኣይነበረን፣ ወይ እውን ኣብታ ህሞት እቲኣ ኲነ ኢለ ዝገበርክዎ ኣይነበረን። ስቕ ኢሉ እዩ ከምኡ መጺኡለይ።ምኽንያቱ፡ ንኣምላኽ ከፍቕረኒ ስለ ዝፈቐድክሉ፡ ኣብቲ ክፍእ ዝበለ እዋን ክስሕቕ ክኢለ።ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ምጽናዕ፣ኣብ ክንዲ ፍርሂ፡ ንእምነት እያ ቦሎኽ ኢላ ከም እትወጽእ ትገብር።ክስሕቕ ጀመርኩ፣ ንሱ ከኣ እዩ እቲ እምነት።ምኽንያቱ፡ ኣብ ውሽጢ ውሻጠይ፡ ኣምላኽ ከም ዘፍቕረናን ድልየትና ከም ዘማልእን ስለ ዝፈለጥኩ።

ኣብርሃም ናይ እምነት ሰሓቕ እዩ ስሒቑ። ኣምላኽ መጺኡ፣ ወዲ ክወልድ ምዃኑ ምስ ነገሮ፣ ኣብርሃም ሰሓቐ።ብዓይኒ ስጋ ምስ ዝርአ፣ ንሱን ሳራን ቈልዓ ክህልዎም ከም ዘይክእል ስለ ዝፈለጠ እዩ ስሒቑ።እንተኾነ ግና፡ ንኣምላኽ ስለ ዝኣመነ፣ ሓጐሱ ካብ ምንርባቡ እተላዕለ ክስሕቕ ጀመረ።

ከምኡ ኲይንና ክንዓዪ እንከለና፣ ኣምላኽ ብግሩም መገድታት ክሕግዘና ማዕጾ ነርሕወሉ ኣለና ማለት እዩ።መን ኣሎ ሽግር ምስ መጽኦ ክስሕቕ ዝፍትን፧ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ተቐሚጡ ንጸላእቱ ከም ዝስሕቖም ይነግረና። (መዝሙር 2:2-4 ተመልከት) ኣምላኽ ከምኡ ዝገብር እንተኾይኑ፣ ንሕና እውን ክንገብር ንኽእል ኢና።ወጺእካ ሰሓቕ እምነት ስሓቕ።ምኽንያቱ፡ ኣምላኽ የፍቕረካ እዩ። ኣምላኽ ምሳኻ ካብ ኰነኸ መን እዩ ዝቓወመካ፧

# 6

# ፍቕሪ ትበጽሕ እያ

“እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንሓዉ ድማ የፍቅሮ ደኣ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ እዩ ኻብኡ እተቐበልናዮ።”

– 1 ዮሃንስ 4:21

ንስኻ ፍሉይ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ። ኣብ ዘዳግም 7:6 ከምኡ እዩ ዝብለካ። ኣብ ቅድሚኡ ፍሉይ ምኽንካ እንተፈሊጥካን በቲ ከምኡ ምኽንካ ዘምጽኦ ሓጐስን ትብዓትን ትነብር እንተለኻ፣እዚ ነታ ኣብ ከባቢኻ ዘላ ዓለም፣ ብእወታዊ መገዲ እዩ ዝጸልዋ።ናብ ዕዳጋ ክትከይድ እንከለኻ፣ እተፈቖርካ ሰብ ስለ ዝኾንካ፣ ገጽካ ፍሽኽታ ዓሲልዎ ኢኻ ትኸይድ። ኣብ ህይወተይ ኵሉ ሰላም እዩ። ንኻልኦት በቲ ካብ ኣምላኽ ዘሎኒ ፍቕሪ ገይረ ክባርኾም እኽእል እየ እናበልካ ኢኻ ትኸይድ።ኣብ ዝዝኸድካዮ፣ ባህ እናበለካ ኢኻ ትኸይድ። ሓጐስካ ከኣ ንኻልኦት ይባርኾም።መዝሙር 100:2 “ንእግዚኣብሄር ብሓጐስ ተገዝእዎ!” ይብል።

ኣብቲ ሓፈሻዊ መደብ ኣምላኽ ኣዚና ፍሉያት ሰባት ምኽንና እንተፈሊጥና፣ ኣመላኽታናን ጠባይናን ኣብዚ ግልጸት`ዚ እተመርኰሱ እዮም።ብድሕሪኡ ንክርስቶስ ሰባት ናብኡ ብዝስሕብ መገዲ ኢና ከነካፍሎ እንጅምር።እታ ብኣኻ እትውሕዝ ፍቕሪ ኣምላኽ፣ ንድልየታት ካልኦት ኣስተብሂልካ ደንጋጺ ከም እትኾውን

እያ እትገብረካ።እታ ኣብ ውሽጥኻ ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ፍርሂ ሓራ ትገብረካ እሞ ንኻልኦት ብፍቕሪ ክትበጽሖ ከኣ ኣይትፈርህን ኢኻ።ነጸግታ ኣይትፈርህን ኢኻ ወይ እውን ካልኦት ከይብለጹለይ ኣይትብልን ኢኻ።እታ ኣባኻ ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ፣ ድልየታት ካልኦት ርእያ ከተማልኣሎም እያ ትደሊ።

የሱስ ኣባኻ ስለ ዝነብር፣ኣምላኽ ብኣኻ ኣቢሉ ዓብዩ ነገር ክገብር እየ ክብለካ እንከሎ፣ ክትኣምኖ እዩ ዝደሊ።እመኖ! ንኻልኦት ከተፍቕርን ክትሕግዝን ከም ዝደልየካ ከኣ እመን።ፍጽምቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ንፍርሂ ከም እተባርራ ዘክር።ስለዚ ፍርሂ ብእምነት ከይትወጽእ ኣይትዅተትካ።

ኣብ “ጸድፊ እምነት” ክሳዕ ክንደይ ግዚያት ጠጠው ከም ዝበልኩ ክነግረካ ኣይክእልን እየ። ኣብ ጫፍ ብረዓድ ዘዘብሕ ጠጠው ምስ በልኩ፣ ኣምላኽ ከምዚ ክብል ተሰምዓኒ፡“ኣጆኺ! ጆይስ!ኣጆኺ፡ ብኣኺ ኣቢለ ዓብዩ ነገር ክገብር እየ። ኣጆኺ!” ብእምነት ክወጽእ እንከለኹ፣ ኣምላኽ ገዲፉኒ ኣይፈልጥን እዩ።

ወጺአ ክወድቕ እየ ኢለ ዘይሻቐለሉ ምኽንያት ትፈልጥዶ፧ምኽንያቱ፣ኣምላኽ ከም ዘፍቕረኒ እፈልጥ እየ። ኣነ ከም ዘፍቕሮ ድማ እፈልጥ እዩ።ብጸጋኡ ድማ ህይወተይ ንእኡ ወፊየያ እየ።ከምኡ እንተገይርካን ንኣምላኽ ተፍቕር እንተዀይንካን ከም ዘፍቕረካ እንተፈሊጥካን፣ ብክርስቶስ ዘይትስዕሮ ነገር የሎን።

ሓቀኛ ሃረርታኻ ንኻልኦት ምሕጋዝ እንተዀይኑ፣ ኣምላኽ ንኽትሕግዞም ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።ብዙሕ ክእለት ክህልወካ ኣየድልን እዩ።ገዛእ ርእስኻ ጥራሕ ንኣምላኽ ቀርብቲ ግበራ፣ እቲ ዝተረፈ ኣምላኽ ክገብሮ እዩ።ክእለታትካ ቀለልቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ እንተኾነ ግዳ ቀለልቲ ብዝኾንሉ፣ ብእኡ መጠን ከኣ ኣዝዮም ሓያላት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ህይወትካ ብስስዐ ኵሉ ጸዓትካ ብምህላክ፣ ኣብ ገዛእ ርእስኻ እናተኰርካን ድልየታትካ እናማላእካ ኣይትንበር።ንኣምላኽ እንታይ ከም እትደሊ ነገርካ፣ ናብቲ መንፈስ ቅዱስ መሪሑካ ናብ ካልኦት

በጺሒካ ክትባርኾም እትኽእለሉ መገዲ ከተስተብህል ምእንቲ፣ ኣብ ኣምላኽ ኣተኲር።

ንኻልኦት ዝኾነሎም፣ ንኣኻ እውን ከኵነልካ እዩ።ዝኾነ ክትደሊ እንከለኻ፣ድልየት ምስ ዝህልወካ "ዘርኢ ዘእምሮኡ" እምበር "ድልየት ዘእምሮኡ" ኣይትኹን።እዚ ማለት ንኻልኦት ክትበጽሖ እንከለኻ፣ ኣምላኽ ከም ዘርኢ እተዘርአ ተቐቢሉ፣ኣብ ህይወትካ ነቲ እትደልዮ ከም ዓጺድ ይገብረልካ።

ኵሉ ሰብ ክብልጽግ እዩ ዝደሊ፣ ነገር ግና እቲ ሓቀኛ ብልጽግና እንታይ ምዃኑ ክርደኣና ኣለዎ።ኣነ ከምዚ ኢለ ክገልጾ እደሊ፣ ብልጽግና ማለት ክእለት ኲይኑ፡ ክእለት ኣምላኽ ተጠቒምካ፣ ኣብ ቅድሜኻ ንዝመጽእ ድሌት ምምላእ ማለት እዩ።ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ንድሌታት ካልኦት ከተቕድም የኽእለካ።ኣምላኽ ኣፍቂሩካስ፣ ነቶም ዘየማስዉ፡መዕዘምዘምትን ዘይፍቐሩን ብፍቕሪ ክትበጽሖ ከም ዝገብረካስ ትፈልጥዶ፣

ነቲ ዘፍቐረካ ከተፍቅር ብዙሕ ስርዓት ኣየድልየካን እዩ። ነቶም ዘይፍቐሩ ከነፍቅር ግና ጸጋ ኣምላኽ ከኽእለና ኣለዎ።እቲ ብኣና ዝውሕዝ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ከምኡ ክገብር ዝኽእል፣ ምኽንያቱ ፍቕሩ ኣብ ኲነታት ኣይኰነትን እትምርኰስ። ብናጻ ተቐቢልና ብናጻ ኢና እንህብ።ፍቕሪ ኣይተቋርጽን ወይ ተስፋ ኣይትቘርጽን እያ።ዓመት ክትወስድ ትኽእል ትኾውን ወላ ሓሙሽተ ወይ እውን ዕስራ። ኰይኑ ግና ፋይዳ ኣለዋ።ንሓደ ክፍቐር ኣሸጋሪ ዝኾነ፣ ንኸተፍቕሮ ዓቕሊ ትስእን እንተለኻ፣ ኣምላኽ ከተፍቕሮ እናተጸበየ፡ ንሱ ከኣ ክቐይረካ ከተፍቕደሉ እናተጸበየ ዝነበሩ ግዚያት ዘክር።

1 ቈረንጦስ 13 ፍቕሪ ዓቃል እያ፡ ፍቕሪ ለዋህ እያ፡ ፍቕሪ ኣይትቐንእን፡ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን ኣይትንፋሕን፡ ይብለና። እዞም መለለይታት እዚኣቶም ብፍቕሩ ኣቢሉ፣ የሱስ ኣባና ዘፍሰሶም እዮም። ንሕና ብግዴና፡ ነቶም ጉድኣትን ኣብ ህይወቶም ፍቕሪ ኣምላክ ዝናፍቑ ጥፉኣትን ከምኡ ክንገብር ንኽእል። ኣምላኽ ንኣኻን ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ሰባትን የፍቕረኩም እዩ። ይድሓኑ ኣይድሓኑ የፍቕሮም እዩ፣ ንዓኻ ድማ ፍቕሩ ንኸፍስስ

ከም መመሓላለፊ መስኖ ክጥቀመልካ እዩ ዝደሊ።

ክትወጽእ ኣይትፍራህ። ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ፍርሕን ኵነነን ሓራ ኣውጺኡ፣ ንኸተፍቅር ከኣ ክእለት ሂቡካ ኣሎ። ፍቕሪ ኣምላኽ ምስ ካልኦት ክትካፈሎ ከኣ ኣንቅድ።ብቐሊሉ ምስ ሰባት ብምምሕዛው ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ።ኣብ ዝኸድካ ኬድካ ንሰባት ምምሕዛውን ንኣኣቶም በረኸት ምዃንን ዋኒንካ ግበሮ።

ቀሊል ዝኾነ ምንክብኻብ፡ ብፍላይ ነቲ ብጽሞና እተበልዐን ተስፋ ዝቔረጸን ሰብ ሓደ ካብቲ ፍቕሪ እተርእየሉ መገዲ እዩ።ንሰባት፡ ከድርረኩምዶ ኢልካ ሕተቶም። ኣእዳዎም ጨቢጥካ ሰላም በሎምን ፍሽኽ በልን። ንሰባት ንቤትካ ዓድም።ሕቑፎምን ዘጸናንዕ ቃላት ሃቦምን።ተግባራዊ ሓገዝ ሃቦም።ንመረድኢ፦ንሓደ መኪናኡ ኣብ እንዳ ዓራያይ ዝኣተወት ሰብ፣ ብማኪናኻ ገይርካ ስራሑ ኣብጽሓዮ። ነቲ ሓድሽ ሰራሕተኛ፣ ከተማ ወሲድካ ኣርእዮ። ኣምላኽ ገለ ክትገብሮ ዘለካ ነገር ኣለዎ። ንዓኻ ዓብይ ወይ ኣገዳሲ ኰይኑ ኣይስመዓካን ይኾውን፣ ንእኡ ግና ኣገዳሲ እዩ። ሰባት ንኣምላኽ ኣገደስቲ እዮም።

ንስኻ ጥራሕ ክትበጽሖም ዘለካ ሰባት ኣለዉ። ብፍቕሪ ክትበጽሖሎም እትኽእል መገዲ ንምይታ ከርእየካ ሕተቶ።

# 7

# ፍቕሪ ኣምላኽ ክቕይረካ እዩ

“ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ኪኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ።”

– 1 ዮሃንስ 4:10

ኣምላኽ የፍቕረና እዩ። ጌጋ ይኽለኣለይ፡ ብዙሓት ካባና ክሳዕ ክንደይ ከም ዘፍቕረናን ፍቕሩ ክሳዕ ክንደይ ዓባይ ምዃናን ኣይንግንዘብን ኢና።ኣምላኽ በቲ ብዛዕባ እዚ ዘጽናዕክዎ ኣርእስቲ ገይሩ፣ ኣብ ውሽጥና ክሳዕ ክንደይ ከም ዘፍቕረና እንተንፈልጥ ነይርና፣ ካብቲ ዝበዝሕ ግዜ እንገብሮ፣ ፍልይ ዝበለ ነገር ምገበርና።

ብዛዕባ እታ ኣምላኽ ንዓኻ ዘለዎ ፍቕሪ ኣስተንትን። ንሳ ስለ እትቕይረካ።ገለ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ዘይትፈትዎ እንተለካ፣ ኣምላኽ ከም ዘፍቕረካ ትኣምንን ትፈልጥን እንተኾይንካ፣ ክሳዕ ኣባኻ ዝዓዪ እናተጸበኻ ነቲ ጕዕዞ ደስ እናበለካ ክትከዶ ክሕግዘካ እዩ። ብዛዕባ ጌጋታትካ ጥራሕ እናተበስጨኻ ትነብር እንተለኻ፣ ኣይትቕየርን ኢኻ። ኣምላኽ ብእምነት ከም ዝሰርሕን እታ ሓቀኛ እምነት ከኣ ናብ ዕረፍቲ ኣምላኽ ከም እተእትወናን ዘክር።(እብራውያን 4 ተመልከት)

ብዙሓት ሰባት ምስ ገዛእ ርእሶም ጽቡቕ ዝምድና የብሎምን።

ንገዛእ ርእሶም ኣይፈትዉዋን እዮም፣ ዝጸልእዋ ሰባት እውን ኣለዉ።

ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ዝስመዓካ፣ ቃልሲ እንተለካ፣ ሓደ ነገር ከዘክረካ እደሊ፣ ነቶም እትገብሮም ሕማቕ ነገራት ክትጸልእ ትኽእል ኢኻ፣ ንገዛእ ርእስኻ ግና ፍጹም ክትጸልእ የብልካን። የሱስ ስለ እታ ዓባይ ፍቕሩ ክብል እዩ ሞይቱልካ።እዛ ክብርቲ ህያቡ ድማ ክትቕበላ እዩ ዝደሊ።

መጽሓፍ ቅዱስ፡ “ሰብ ልክዕ ከምቲ ኣብ ልቡ ዝሓስቦ እዩ።” (ምሳሌ 23:7 NIV እንግሊዘኛ መጽሓፍ ቅዱስ). ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ኵሉ መዓልቲ ሕማቕ ዝስመዓካ እንተኾይኑ፣ገዛእ ርእስኻ ወርትግ እትነጽግን ክሳዕ ክንደይ ፍሉይ ምዃንካን ዘይትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ፍቕሪ ኣምላኽን ሰላሙን የብልካን ማለት እዩ። እዚ ብግብርኻን ኣመላኽታኻን እዩ ዝንጸባረቕ።ምኽንያቱ፡ ኣብ ልብኻ ነቲ ሓያልን ህይወት ዝቕይርን ሓቂ ማለት ኣምላኽ ካብቲ እትፈልጦ ንላዕሊ እዩ ዘፍቕረካ ዝብል ኣምር ስለ ዘይተረዳእካዮ እዩ።

ኣምላኽ መዓልታዊ ምስኡ ግዜ ከተሕልፍ እዩ ዝደሊ።እዚ ልምዲ`ዚ እዩ ክቕይረካ ዝኽእል።ንኣምላኽ ቀዳማይ እንተዘይሰሪዕካዮ፣ ኣብቲ ንዓኻ ክገብረልካ እናደለየ ኲይኑ ግና ክገብረሉ ዘይክእል ቦታ ኢኻ እተቐምጦ ዘለኻ። እቲ ምስ ኣምላኽ እተሕልፎ ብሕታዊ ግዜ፣ ከተፍቕሮን ከፍቕረካ ምፍቃድን፡ እዩ ዘበርትዓካ፡ ዘትብዓካን ዘብስለካን።

ብዙሓት ሰባት ምኽንያታት ኣምጺኦም፣ ግዜኦም ኣብ ምስ ኣምላኽ ዘለዎም ዝምድና ኣብ ምህናጽ ኣየሕልፍዎን እዮም። ሽሕ`ኳ ምስኡ ጽቡቕ ዝምድና ክህልዎም ይደልዩ እንተኾኑ፣ ንገዛእ ርእሶም ስርዓት ኣትሒዞም ጽቡቓት ልምድታት ከም እኒ፡ ቃል ኣምላኽ ምጽናዕን ምጽላይን ኣየማዕብሉን እዮም።ኣብዚ ጽፍሒ`ዚ ጸገም እንተለካ፣ ንኣምላኽ ምስኡ መዓልታዊ ግዜ ንኸተሕልፍ ልማድ ክተማዕብል ለምኖ።እዚ እዩ እቲ ዝበለጸ ክንገብሮ እንኽእል።

ፍቕሪ ኣምላኽ ክቕይረካ እዩ፡፡ ፍቕሩ ክትምኲራን መዓልታዊ ድማ ክትርደኣካን እንከላ፣ ሃረርታታትካ ክቕየሩ እንከለዉ ክትርእዮም ኢኻ፡፡ልክዕ ከምቲ ዘፍቀረካ የሱስ ኢኻ ክትኰውን እትደሊ፡፡ባህርይ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ምምዕባል ናይ ቀዳምነት ቀዳምነትና ክኸውን ኣለዎ፡፡

ጳውሎስ እቲ ቔራጽ ዕላማኡ፣ ንክርስቶስ ሓይሊ ትንሳኤኡን ምፍላጥ ነበረ፡፡(ፊልጲ 3:10 ተመልከት) ጳውሎስ ቔራጽ ክኸውን ከም ዝነበሮ ይነግረና እዩ፡፡

ምስ ኣምላኽ ዘለካ ዝምድና ዕቱብ ክትገብሮ እምዕደካ ኣለኹ፡፡ ንኣምላኽ ክትቐርቦ ብዝደለኻ ቅርበት ክትቐርቦ ትኽእል ኢኻ፡፡እዚ በቲ ክንደይ ግዜ ዝኸውን ሰሪዕላሉ ኣለኻ እዩ ዝምርኰስ፡፡

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንሕና ውልቓውያን ወከልቲ ኣምላኽ ከም ዝኾንና፣ ብኣና ኣቢሉ ከኣ ንዓለም ተዓረቑ ከም ዝብላ ዘሎን እዩ ዝነግረና፡፡(2 ቈረንጦስ 5:20 ተመልከት) እዛ ጽሕፍቲ ኵሉ ግዜ ንቐልበይ ማሪኻ፣ ኣባና ክሰሕ እንከሎ፣ ንኽቕይረናን ናብ ዕላማ ኣምላኽ ክቐርጸናን፣ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ክንስዕብ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ፣ ሓድሽ ምግላጽ ክህልወኒ እያ እትገብር፡፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ እዩ ኣብ ልባትና ዝውሕዝ(ሮሜ 5:5 ተመልከት)፡፡ተቐበሎ፡ ኣስተማቕሮ፡ ንኽልውጠካ ከኣ ፍቐደሉ፡፡

# ጸሎተ ምድሓን

ኣምላኽ የፍቅረካ እዩ፣ ምሳኻ ድማ ብሕታዊ ዝምድና ክገብር ይደሊ እዩ። ንየሱስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒ ዘይተቐበልካ እንተለኻ፣ ሕጂ ክትቕበሎ ትኽእል ኢኻ። ልብኻ ከፊትካ ከምዚ ኢልካ ጸሊ...

“ኣቦ, ኣነ ኣንጻርካ ከም ዝዓለኹ እፈልጥ ኣለኹ። በጃኻ ይቕረ በለለይ። ሕጸበኒ! ኣጽርየ! ብየሱስ ወድኻ ከም ዝኣምነካ መብጽዓ እኣቱ ኣለኹ።ከም ዝሞተለይ እኣምን። ኣብ መስቀል ክመዉት እንከሎ፣ ንኹሉ ሓጢኣተይ ከም ዝወሰዶ እኣምን። ከም ዝተንሰአ ይኣምን። ሕጂ ንህይወተይ ኣብኡ ኣማዕቈባ ኣለኹ።

ኣቦ ኣመስግነካ ኣለኹ። ስለ ሕድገተ-ሓጢኣትን ዘለኣለማዊ ህይወትን ዝሃብካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ። ንኣኻ ኢለ ክነብር ርድኣኒ። ብስም የሱስ ኣሜን!”

ብልብኻ ምስ እትጽልይ፥ ኣምላኽ ይቕበለካ፥ የንጽሃካን ካብ ኣርዑት መንፈሳዊ ሞት ሓራ ይገብረካን እዩ። እዘን ዝስዕባ ጥቕስታት፣ ግዜ ወሲድካ ንበበንን ኣጽንዓየን። ኣብዚ ጀሚርካዮ ዘለኻ ሓድሽ ህይወት፣ ኣምላኽ ክዛረበካ ድማ ሕቶቶ።

| | |
|---|---|
| ዮሃንስ 3:16 | 1 ቈረንጦስ 15:3-4 |
| ኤፌሶን 1:4 | ኤፌሶን 2:8-9 |
| 1 ዮሃንስ 1:9 | 1 ዮሃንስ 4:14-15 |
| 1 ዮሃንስ 5:1 | 1 ዮሃንስ 5:12-13 |

ምእንቲ ምስኡ ዘለካ ዝምድና ክጥንክር፣ ሓንቲ ኣማኒት መጽሓፍ ቅዱስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ንኽትረክብ ክሕግዘካ ጸሊ።ኣምላኽ ኩሉ መዓልቲ ምሳኻ እዩ። በየዕለቱ እናመርሐ፣ ነቲ ኣቐሚጡልካ ዘሎ ትርፊ ዘለዎ ህይወት ንኽትነብሮ ክመርሓካ እዩ!

# ብዛዕባ ደራሲት

ጆይስ ማየር ሓንቲ ካብቶም ቀንዲ መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ እያ፡፡ናይ New York Times ብልጽቲ ጸሓፊትን መጻሕፍታ ብብዝሒ ዘሸጠትን እያ፡፡መጻሕፍታ ንብዙሓት ሰባት ተስፋ ክረኽቡን፣ ብክርስቶስ ክምለሱን ሓጊዘም እዮም፡፡ብመገዲ ኣገልግሎታት ጆይስ ማየር፡ ኣብ ኣእምሮ፡ ኣፍ፡ ስምዒትን ኣመላኽታን ዘተኰሩ ብዙሓት ኣርእስታት እያ ትምህር፡፡

እዚ ግሉጽ ቅዲ መስተራኽቦኣ፣ ብዛዕባ ተሞኩሮታታ፣ ንሳ እተማህረቶ ካልኦት መታን ክመሃርሉ ኢላ፣ ብግልጽን ግብራዊ መገድን ከተካፍል የኽእላ ኣሎ፡፡ጆይስ ናብ ልዕሊ 100 ቋንቋታት እተተርጐሙ መጻሕፍቲ ጽሒፋ ኣላ፡፡ዓመታዊ ዘቤታውያንን ኣህጉራውያንን ጉባኤታት ተካይድ፡፡ንሰባት ከኣ ዕለታዊ ህይወቶም ተደሲቶም ክሓልፍዎ ከኣ ትምህር፡፡ኣብዘን ዝሓለፋ 30 ዓመታት፣ ዓመታዊ እትገብሮ ጉባኤ ደቂ-ኣንስትዮ ኣስታት 200,000 ካብ በየ ኩርንዓት ዓለም ዝመጽኣ ደቂ ኣንስትዮ የሳትፍ፡፡ ንእተጐድኡ ሰባት ንምሕጋዝ ዘለዋ ተሃን ድማ እምነ ኩርናዕ ራእይ እቲ Hand of Hope, እተሰምየ መሓውር Joyce Meyer Ministries ዝኾነ እዩ፡፡ እዚ ኣገልግሎት እዚ እንተላይ ነታ St. Louis እትበሃል ዓዳ ወይ መንበሪኣ ንጆይስ ሓዊስካ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ደገፍ ይገብር፡፡